# ዝክሪ፣ኣርካን ምሁር፣ኣቶ ገብረኽርስቶስ ተኽለሃይማኖት፣ካብ ባሕሪ ብጭልፋ

====////====////====////====////=====////====



ክቡራትን ክቡራንን፣ብዛዕባ ኣቶ ገብረኽርቶስ ኣድሂበ ክፅሕፍ ካብ ዝብል ጊዜ ኣይቐለንን`ዩ። እንተኾነ ሕልፍ ሕልፍ ቢለ ሕጽር ዝበሉ ጽሑፋትን እፈታትን ምንባረይ ትዝ እብለኒ።

ብዝኾነ ንሎሚ እውን ብዙሕ ናብ ዝርዝር ኣይክኣቱን'የ።ምኽንያቱ፡ብዛዕባ ኣቶ ገብረኽርስቶስ ክጽሕፍ ተላዒለ ኣለኹ ቢለ፣ንክቡር ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ ብዝፀወክዎም፡ትማሊ ሰኑይ፣ንሶም ድማ "...ዝህውኽ ነገረ ተዘይብልኻ-ኣነ ገለ ነገራት ክህበኻ እሞ-ትክእል ተኰይንካ ተጸበየኒ ኢኻ!~" በሉኒ።ኣነ ደማይ `"ኣመሪኻ በጺሕኩም ክሻዕ ትመለሱ ድየ ክፅበየኹም ወይስ ኣብ ቀረባ መዓልቲ ተራኺብና ኢኩም ክትህቡኒ፧" በልክዎም።

ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ ዘድልየኒ ሓበሬታ ብምሃብን ምስ ሰባት ዝራኽበሉ ሜውያ ብምምሽሻውን (መገዲ ብምሕባርን) እጃሞም ብዘይ ዝኾነ ጠለብ ዝምጥውንን ዝሕግዙንን ግሩም ዝኾኑ ምሁር እዮም።ኣምላኽ ዕድመን ጥዕናን ይሃቦም እናበልኹ።ብመሰረት ሳምዕና ብዛዕባ ኣቶ ገብረኽርስቶስ ተኽለሃይማኖት ኣድሂበ ብሰፊሕ ኣይክፅሕፍን`የ።

ክቡራትን ክቡራንን ኣንበብቲ-እዛ ኣብ`ዛ ላዕሊ እዙይ ጽሑፍ ዘላ ስእሊ፡ስእሊ ክቡር ኣቶ ገብረኽርስቶስ ተኽለሃይማኖት እተርእ እያ።ካብ መጽሓፍ ሓያል ተመራማርን ጸሓፍን ሽወደናዊ ጉስታብ ኣረን ዝረኽብክዋ ስእሊ እያ።

ንዓመታት እዛ ስእሊ ጥራሕ ድያ ዘላ ቢለ ንክንደይ ሰብ ሓቲተ እየ።ናብ መንግስታዊ ትካላት ከይደ ድማ ተወኺሰ እየ።ግን ግቡእ ምትሕብባር ይትረፍሲ ኣተኩሮ ዝህበሉን ዝህበካን ከቶ ኣይትረክብን ኢኻ።እንታይ ዝበለ ዘመን`ያ ግርንቢጥ ማይ ንዓቐብ ዝኾነ እዋን ኰን ኢና ዘሎና የብለኻ እዩ።

እንተኾነ ሳላ ዘይሕለል ጻዕርን ሓልዮትን፡ ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ ብዙሕ ስለ ዝሰጎምኩ-ንክቡር እንጅነር ግርማይ ተኽለሃይማኖት ሓው ኣቶ ገብረኽርቶስ ክረክብ ባብ ተራሕወለይ።እንሆ እኳ ብዕለት 7 ለካቲት 2022 ዓ/ም/ፈ ኣብ እንዳ ኣፈ-ንጉሥ ሓጎስ ተወልደመድህን ነበረ-ቐድሚኡ ድማ ክቡር ኣቶ ገብረኽርቶስ ዝነብርሉ ዝነበሩ መንበሪ ኣባይቲ ኬድና-ንማማ ሰብለወንጌል ሓጎስ ረኺብና፤ኣሳእልን ዘድልይ ሓበሬታን ክንረክብን ከኣልና።እዙይ ኩሉ ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ-ዕዮን ትግሃትን እዞም ክልተ ሓላላት ኣቦታት ምኳኑ ክስመረሉን ኣፍልጦ ክወሃበሉን ይግባእ እብል።

ናተይ እጃም እዚያ ንእሽተይ እያ።ብዝኾነ ማማ ሰብለወንጌል ስመን ምስ ሰማዕኩ-መስለት ገጸን ከይረኣክወን በዓልቲ ሻምላን ግድሥትን ኣደ ከም ዝኰና ትፅቢት ገይረ እየ ምስ እንጅነር ግርማይ ናብ ቤተን ዘምራሕና-ኣብ ጻኒሕትና ኽኣ፡ከም ትጽቢትናን ልዕሊ ትፅቢትናን ድማ ረኺብና ክብል እክእል`የ።

እሞ ናብ`ታ ጽሕፍቲ ናብ ኣንበብቲ ማሕበራዊ መራኽቦ ዘቐረብክዋ ከብለኩም እሞ-ዝቕጽል ድማ ሓቢርና ንርእዮ እብል።

"ዉዕሎ ሎሚ ብጭልፉ!

#ሎሚ ምዕልቲ ምስ ወድ 94 ዓመት ዝኾኑ እንጅነር ግርማይ ተኽለሃይማኖት፡ ብዝነበረና ቆጸራ መሰረት፡ተራኺብና ኢና።እዞም ክቡር ኣቦና፡ ናብ ሰብ ታሪኽን ዓቐብቲ ሰንዳትን ብምውሳድ ዕውት መዓልቲ ገይሮሙለይ ዉዒሎም እዮም።




#ወ/ሮ ሰብለወንጌል ሓጎስ ጓል 80 ዓመት ኳዕናን ጓል ኣንስተይቲ`የን።ኣዝዩ ብርቱዕ ዕሊ ምዝክርን፣ዓሚዩቕ ባህሊ ምዕቃብን ምስናድን ዝወነና፡ጽሑፋትን ኣሳእልን ምስናይ መረዳእታኡ ዘሎዎን፡ንግደ ሓቂ ንጥፍትን ሃብሮመይትን ኣደ እየን።

#ወ/ሮ ስብለወንጌል፡ብበዓል ቤተን ወገን እንዳ ኣቶ ገብረክርስቶስ ተኽለሃይማኖት-(ፈላሚ ሓበሻ ኣካያዲ ስራሕ ቤት ምሕተም ብርሃንና ሰላም ዝነበሩ) እየን።እዙይ ከም ዝተፍገልጸ ብሕእደ ወገነን እዩ።እቲይ ካልኣይ ድማ ብወላዲኣን ወገን ኸኣ ጓል ኣፈ-ንጉስ ሓጎስ ተወልደመድህን እየን።

ተወልደመድሕን ድማ ሃለቃ ተወልደመድህን ገብሩ ማለት እዮም።መጽሓፍ ቅዱስ ትግርኛ ኣብ ምትርጓም እጃሞም ካብ ዝገብሩ ወከፋት ሓደ ዝኾኑ እዮም።

ሎሚ ኣብ መዋእል 20 ክፍለ-ዘመን ካብ ዝነበራ ምሁራት ደቂ ኣንስትዮ-ብፍላይ ካብ ኤርትራን ትግራይን ተወልድቲ ዝኮና ኣብነታውያን ጠቂሶም ብዙሕ ታሪኽ ኣቕሰሙኒ።ኣብ ደቂ ተባዕትዮ እውን ብተመሳሳሊ ግን ብዙሕ ተዘሪብሉ ብምኳኑ ኣብ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ኣስፈሕና ትኩረት ሂብናሉ ኢና።

#ብሓፈሻ ግሩም ተመኽሮን ምስክርነትን ዝተፈላለዩ ልሉያትን ሃብሮማትን ኰነ ሃብሮማትን ረኺብ ኣሎኹ።ኣብ'ዚ ተለጢፉ ዘሎ ድማ ካብ ባሕሪ ብጭልፉ እኳ ተኾነ ኣፈ-ንጉስ ሓጎስ ተወልደመድህን መሳርሒ ሙዚቃ ሒዞም፣ኣብ ሓያል ሰልሚ ስምዒት ተሸሚሞ ይረኣዩ ኣሎዉ።




ላዕለዋይ በዓል ሞያ ሕግን ዲፕሎማትን ኰይኖም ብምስርሖም እውን ታሪኽ ዝምስክሮ ጉዳይ እዩ።

ኣፈ-ንጉሥ ንዝኮነ ቋንቋ ብቕንፍጽ ዝክእሉን ዝመልኩን ሰብ ምንባሮም ብርክት ዝበሉ ዘውስእዎ እዩ።ኣብ ምፅሓፍን ምስናድ ታሪኽ ወለዶታት ኸኣ ኣገናዕ ዘብል ዕዮ ዝዓየዩ እዮም።

እታ ሓንቲ ኸኣ እንጅነር ግርማይ ምስ ማማ ሰብለ ኢሂን ምሂን እናተብሃሃሉ ተርእይ-ስእሊ ሎሚ መዓልቲ ዝተሳእለት ቕላዕ እያ።




እታ ንገዛ ተርእይ ዘላ ስእሊ ድማ ኣቶ ገብረክርስቶስን ኣፈ-ንጉስ ሓጎስን ብርቱዕ ባህጊ ዓውደ ስነ-ጽሑፍ ስለ ዝነበሮም ዝጥቀሙላ ዝነበሩላ ክፍሊ እያ።

ኣቶ ገብረኽርስቶስ ቅድሚ 80 ዓመት ኣቢሉ ጽሑፋት ዘዳልዉላ ዝነበሩ ክትክውን ከላ-ስዒቦም ከኣ ኣብ ወሓዚ ፈለጎም ዝተኰልኰሉ ወከፋት-

ንኣሰሮም ሪዒሞም እጽሑፉላ ምንባሮም ካብ ምንጭታት ወሃብቲ ሓበሬታ ዝተረኽበ መረዳእታ የገንዝብ'ዩ።

ወ-ደሓንኩም!
ኣይተስተውሓድዎ ኢኹም ክብል እፈቱ።"

ኣቶ ገብረኽርስቶስ ተኽለሃይማኖት መን እዮም፧ ኣበይ ተወሊዶም፧ ኣበይ ተማሂሮም፧እንታይ-እንታይ እዮም ሰሪሖም፧ ወድ መን እዮም፧ ወዘተ ኣብ ዝቕጽል ክቐርብ እዩ።






በሉ እምበኣር፡ንሎሚ ኣቶ ገብረኽርስቶስ ተኽለሃይማኖት፡በሃር ምሁር፣ጋዜጠኛን ጸሓፍን ምንባሮም ታሪኾም ዝምስክሮ ሓቂ`ዩ።እዚ ኰይኑ ብዝርዝር መረዳእታ ምቕራቡ ድማ ምስ ዶ/ር ሃይሉ ሃፍቱ ተላዚበን መኺረን-ኣብ ኢዶም ዘሎ ገለ ሰነዳት ወሲኽ ምፅሓፉ ተመራጽን ግድንን ምኳኑ ብምስትብሃለይን ብምእማነይን እዩ።

ብኣብራሃም ብርሃነ